# ምሕረቱ ንዘለዓለም እዩ።

(መዝሙር 136፡1-26)

## <u>ኣነ እየ እታ ጥፍእቲ በጊዕ</u>

ብሓንቲ ቀደም ዝሰማዕክዋ ዛንታ ነዛ ኣስተንትኖ ኸጅምራ። ሓንቲ ፈላሲት ሓደ መዓልቲ ሓዊ ኽናኽሳ እንከለዋ፥ እንተ ነቲ ረሲኑ ዝነበረ ፈርኔሎ ተንኪፈን ወይስ እንተ ሓንቲ ቁላዕ/ንጣር ሓዊ ተንኪፋተን ይሓራ'ሞ ከምዚ ዚስዕብ በላ ይብሃል፡- "እዚ ሓዊ'ዚ ንዓና *(ነቶም ጻድቃን)* ከምዚ ዘቃጸለናስ ነቶም ኃጥኣን ደኣ ኸመይ የንድዶም ይኸውን፧" ንርእሰን ምስቶም ጻድቃን ሓዊሰን ይርእያ ኸም ዝነበራን ሓዊ ገሃነም እሳት ድማ ነቶም ብሰሪ ኃጢኣቶም ዝተኾነኑ ኸንደይ ከም ዜቃጽሎምን እየን ዝሓስባ ዝነበራ። ገሊኡ እዋን ኣፍ እኳ ኣውጺእና ኣግሂድና'ውን እንተ ዘይበልናዮ፥ ብልብና ግና ከምተን ፈላሲት እቲኣን ዝኣመሰለ ኣተና ኪህልወና ከም ዚኽእል ካብ ናይ ገዛእ ርእሰይ ተመክሮ ክዕዘቦ ክኢለ ኣሎኹ።

ትማል ንግሆ ምሥጢረ ንሥሓ ኣድልዩኒ፥ ኣብ መሣርሕተይ ዝኾነ ካህን ኑዛዜይ ፈጺመ ንቅዳሴ እንኸቀራረብ፥ ነቲ ናይቲ ዕለት ንባብ ወንጌል ቅድሚ ቅዳሴ ኸንብቦ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኣትየ ነቲ ንባብ እንተገንጸልክዎ፥ ናይቲ ዕለት ንባብ ወንጌል፥ **ወንጌል ሉቃስ 15፡1-10** ኮይኑ ይጸንሓኒ። እዚ ኸኣ ኣዝዩ ኣገሪሙኒ። ነቲ ወንጌል'ቲ ኣንቢበ ኣይነበርኩን ክናዘዝ ዝወሰንኩ፥ ብሓቂ ምንዛዝ የድልየኒ ስለ ዝነበረ እየ ዝተነሣሕኩ። ምናልባሽ ኣቐዲመ ነቲ ንባብ ኣንቢበዮ እንተዝኸውን ነይረ፥ "ቃል ኣምላኽ ረቲዑኒ ተነሢሐ" ምበልኩ። ኣነ ግና ነቲ ንባብ ጨሪሸ'ውን ኣይረአኹዎን ነይረ። ድሕሪ ንሥሓ፥ ነቲ ክፍሊ ወንጌል'ቲ ምንባበይ ግና ብዛዕባ ምስላ እታ ጠፊኣ ዝተረኸበት በጊዕ ኮነ ብዛዕባ እቲ ጥፉእ ወዲ ፍሉይ ርድኢት ኪህበኒ ክኢሉ።

ካልእ ጊዜ ብዛዕባ ምስላ እታ ጠፊኣ ዝተረኸበት በጊዕ ኮነ ወይ ድማ ብዛዕባ እቲ ጥፉእ ወዲ እንክሰብኽ ወይ እንኬስተምህር፥ ኣድላዪነት ንስሓ ነቲ ጥፉእ፣ ነቲ ኃጢኣተይና፣ ነቲ ካብ ቤት ኣምላኽ ዝኾብለለ፣ ነቲ ምሥጢረ ንስሓ ዝሓረሞ፣ ነቲ ዝዓለወ፣ ነቲ ብወልፊ መስተ (ኣልኮል) ኣእምሮኡ ዝተማዛበሎ፣ ወይ ከኣ ነቲ ብወልፊ ሓሽሽ ርእሱ ዝዞሮ፣ ኮታ ነቲ ኣብ ርሑቕ ዘሎ ድንጋጸ ዘድልዮ ምሽክናይ ... እናሓሰብኩ እየ ዝዛረቦ ዝነበርኩ። ከይተፈለጠኒ፥ ንርእሰይ ምናልባሽ ምስቶም ተስዓን ትሽዓተን ንስሓ ዘየድልዮም ጻድቃን እናጸንበርኩ እየ ዝዛረቦ ዝነበርኩ መስለኒ። "ንስሓ ኣየድልየንን" ኢለ ዝሓሰብኩሉን ዝበልኩሉን እዋን እኳ እንተ ዘይሃለወ፥ ንርእሰይ ግና ነቲ ንኣምላኽን ንቤተ ክርስቲያንን "መሓሩኒ" እናበለ ዚልምን ምሽክናይ ጌረ ከም ትማሊ ርእየ ኣይፈልጥን ክብል እደፍር። ብፍሉይ ኣገባብ እቲ መሓሪ ኣምላኽ፥ "ኦ ኤፍሬም ወደይ ንስኻ እታ ሓንቲ ጠፊኣ ዝተረኽበት በጊዕ ኢኻ፤ ንስኻ እቲ ናባይ ዝተመልሰ ጥፉእ ወዲ ኢኻ" እናበለ ንልበይ ብምጽንናዑ መሊእዎ። እቶም ኸንደይ ጊዜ ናብ ኣምላኾም ብምሥጢረ ንሥሓ እንኪምለሱ፥ ንሥሓኦም ሰሚዐ ብስም ኣምላኽ ፍትሓት ዝሃብክዎም ምእመናን፥ ኣብታ እዋን እቲኣ፥ እቶም ንሥሓ ዘየድልዮም ተስዓን ትሽዓተን ኣባጊዕ ኮይነን፥ ኣነ ግና እታ ሓንቲ ኡንኮ ጥፍእቲ በጊዕ እሞ እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣናድዩ ዝረኸባን ናብ ቤቱ ዝመለሳን ኮይኑ ተራእየኒ።

እቲ ሕያዋይ ጓሳ፥ ነተን ኲለን ተስዓን ትሽዓተን ኣባጊዑ ኣብ በረኻ ገዲፉ ንኣይ ነቲ ኡንኮ ጥፉእ በጊዑ ኸናዲ ከም ዝመጸ ርእየ፥ መጀመርያ ፍቕሪ እቲ ለዋህ ጐይታ ድሒሩ'ውን እቲ ናተይ ግላውን ውልቃውን ኃጢኣት ነተን ኣብ ልሙዕ ሸኻ ዘለዋ ሕያዎት ኣባጊዕ ክሳዕ ኸንደይ ኣብ ሓደጋ ኬውድቖን ከም ዚኽእል ተዓዘብኩ። ከመይ፥ ኣነ እንተ ዘይጠፍእሲ፥ እቲ ሕያዋይ ጓሳ ንኣይ ምእንቲ ኬናዲ ነተን ኣብ ህድኣትን ሰላምን ቅሳነትን ኣብ ትሕቲ ሕቛፉኡ ዝነበራ ለዋሃት ኣባጊዑ ኣብ በረኻ ሓዲግወን ደድኅረይ ኪኸይድ ኣይምተገደደን ነይሩ።

## <u>መሓሪ ልቢ ኣምላኽን ሓንጋሪት መንኲብ ኢየሱስን</u>

እታ ትማል ንግሆ ዝተመሃርክዋ ዓባይ ትምህርቲ፥ ክንዲ ንርእሰይ ምስተን ተስዓን ትሽዓተን ዝፈቅድ፥ እታ ኡንኮ ጥፍእቲ በጊዕ ግና ጓሳኣ ኣናድዩ ዝረኸባ በጊዕ ምዃነይ ከቶ ከይርስዕ፥ ከምኡ'ውን ምሉእ ዓለም ድኂኑስ ኣነ ጥራይ እኳ እንተ ዝኸውን እቲ ጥፉእ፥ እቲ ሕያዋይ ጓሳይ ንኣይ ደልዩ ክሳዕ ዚረኽበንን ኣብ መንኲቡ ተሰኪሙ ናብ ቤቱ ክሳዕ ዚመልሰንን ከም ዘየዕርፍን ተረዲኣ። ፍቕሩ ብፍሉይ መገዲ ኣብ ውሽጠይ ተሰሚዑኒ። ዓለም ካብ እትፍጠር ብዘይካ ሓደ ኃጥእ ሰብ፥ ኲሉ ሰብ እኳ ጻድቕ እንተዝኸውን ነይሩ፥ ጐይታ ንእኡ ነቲ ኃጥእ፥ ኬናዲ ምመጸን፣ ነታ ኽብርቲ ሕይወቱ'ውን ምእንትኡ በጃ ምወፈያን ነይሩ። እቲ ሓደ ሰብ ዝብሎ ዘሎኹ ሰብ፥ ካልእ ሰብ ዘይኮነስ ኣነ ኣባ ኤፍሬም ዓንዶም ኮይነ ኽርእዮ ከሎኹ ግና ትርጉም ፍቕሪ ኣምላኽይ ኣዝዩ ንልበይ የሸንፎን ይሕምሽሾን። ኣብ ቅድሚ ሕያው ግርማ ጐይታይ ርእሰይ ከድንንን ንርእሰይ ከዋርድን እውን ይገብረኒ። ጐይታይ ዝፈተወንን ዘድኃነንን ኣቐዲሙ ኣባይ ሠናይ ስለ ዝረኣየ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዚብሎ፡- ***"ገና ድኹም እንከሎኹ ክርስቶስ በቲ ምዱብ ጊዜ ምእንቲ እቲ ኃጥእ (ምእንታይ) ሞተ። ...ግናኸ ኣነ ገና ኃጥእ እንከሎኹ ክርስቶስ ኣብ ክንዳይ ምይቱ እዩ እሞ፥ ኣምላኽ እታ ኣባይ ዘላቶ ፍቕሪ በዚ የርኢ ኣሎ።"*** (ሮሜ 5፡6-8 ርኣ።

ይቕረታ፥ ሓሳባተይ ብንጹር ምእንቲ ኽገልጽ፥ ንቓላት ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ክንዲ ብብዙኅ፥ ብግልን ብውልቅን ገይረየን ኣሎኹ)

እቲ ናይ ትማሊ ጦብላሕታ ቃል ኣምላኽ ሕጂ'ውን ገና ኣብ ልበይ ይፈልሕን የደፋንቐንን ኣሎ። ንርእሰይ ክንዲ ኣብ ማእከል እተን ተስዓን ትሽዓተን ኣባጊዕ ገይረ ምርኣይ፥ ከምታ እታ ሓንቲ ጠፊኣ ዝተረኽበት በጊዕ ምርኣይ ሰላም ሂቡኒ። ከመይ ጠፊአ'ኳ እጽናሕ እምበር ጠፊአስ ኣይተረፍኩን። ሳላ እቲ ብኣይ ተስፋ ዘይቆርጽ ሕያዋይ ጓሳይ ካብቲ ጠፊአዮ ዝነበርኩ ብኽንደይ ጻዕሪ ተደልየን ተረኺበን እየ። ምስተረኽብኩ'ውን ኣብ ክንዲ ታህዲድን ጸርፍን፥ ፍቕርን ክንክንን ኣምላኸይ እዩ ዝተቐባበለኒ። ካብ ኵሉ ዝገረመኒ ኸኣ፦ ኣብ ክንዲ በቶም ወትሩ ንኣምላኾም እናፈርሑን እናኸበሩን ከም ፍቓዱ ዝመላለሱ ዝነበሩ ተስዓን ትሽዓተን ጻድቃን፥ ብምምላስ ናተይ በቲ ሓደ ዘይእሙንን ከሓድን ርኹስን ጥፉእን ኃጥእ፥ ኣብ መንግሥተ ሰማይ ዓቢይ ሓጐስ ከም ዚኸውን እቲ ሕያዋይ ጓሳይ ዜተስፈወኒ ተስፋ እዩ። ኃጢኣተይ ንኣምላኸይ ከም ዜሕዝኖን ከም ዜዋርዶን እፈልጥ፤ በቲ ዝኃለፈ በደላተይ ኵሉ ነቢዐን ተጣዒሰን ተነሢሐን እየ። እቲ መሓሪን ይቕረ በሃላይን ኣምላኸይ ግና ነቲ ዝኃለፈ ዘመን ኃጢኣተይ ዘይኮነስ፥ ነቲ ምምላሰይ እዩ ዚጥምት። ናብኡ ምምላሰይ ካብ ኵሉ ዝበለጸ ሓጐስን ደስታን ናብኡን ናብ ኵሎም መላእኽቲ ሰማይን ከም ዜምጽእ ባዕሉ ኣረጋጊጹለይ ኣሎ። ***"ከምኡ ኸኣ ንስሓ ካብ ዘይደልዮም ተስዓን ትሽዓተን ጽድቃን፥ ብሓደ ዚንሳሕ ኃጥእ ኣብ ሰማይ ሓጐስ ኪኸውን እዩ እብለኩም ኣሎኹ።"*** (ሉቃ 15፡7)

እምበኣር ጸሎተይ፥ በቲ ዝኃለፈ ኃጢኣተይ ክሳዕ ኽንደይ ሕዙን ከም ዝኾንኩን ሳላ ምሕረት ኣምላኸይ ብዝረኸብክዎ ሓድሽ ምዕራፍ ሕይወተይ'ውን ክሳዕ ኽንደይ ሕጉስ ከም ዝኾንኩን ዚገልጽ ኪኸውን ግድን እዩ። ትማል ንግሆ ተነሣሓይ ልብን መንፈስን ነይሩኒ። ኣምላኸይ ከምዚ ዚስዕብ ይብል፦ ***"ኣነ በቲ ትሑትን ዝተጣዕሰ መንፈስ ዘለዎን ብቓለይ ዚርዕድን ዚፍጽምን ሰብ እየ ዝሕጐስ።"*** (ኢሳ 66፡2) ጣዕሳይን ብዝተሰብረ ልቢ ናብኡ ምቕራበይን፥ ድሮ ከም ዜሓጉሶ ዝድኰነኒ ፈጣሪየይ ነጊሩኒ እዩ። ድኅሪ ምንሣሐይ ድማ፥ ኣብ ሰማይ ዓቢይ ሓጐስ ብምኽንያተይ ይግበር ከም ዘሎ ኣበሲሩኒ እዩ። ኣረ ኸመይ ዝበለ ኣምላኽ እዩ እዚ ኣምላኸይ፤ ምሒሩ ዘይውድኣ! ኣፍቂሩ ዘይሰልክዮ! ሓንቲ መዓልቲ እኳ "መሓረኒ" ኢለዮስ፥ "ኣይፉለይን፥ ኣይምሕረካን" ኢሉኒ ዘይፈልጥ! ፍቕሩን ምሕረቱን እናኸሓሰቦ፥ መዓሙቕ ልበይ ይነድድ። ኣፈይ ቃላት ይሓጽሮ እሞ፥ ከምዚ ቅድሚ ሕጂ ብዘይካ እዘን ቓላት እዚኣተን ካልእ ቃል ኢሉ ዘይፈልጥ፥ ደጋጊሙ "ተመስገን ተመስገን ..." ጥራይ ይብል። ኦ ኣምላኸይ ስለቲ መወዳእታ ዘይብሉ ፍቕርኻን ምሕረትካን ተመስገን። ኣሜን። ሃሌሉያ።

ሓቁ እንድዩ ደኣ እቲ ዘማራይ ዳዊት ምሕረት ኣምላኹ ምስ ኣስተማቐረ ኸምዚ ኢሉ ኪዝምርን ኪቕነን፦

***"ኦ እግዚኣብሔር፥ ኣመስግነካ ኣሎኹ፥ ኵለንትናይ ንቕዱስ ስምካ የመስግን ኣሎ። ኦ እግዚኣብሔር፥ ኣመስግነካ ኣሎኹ፥ ነቲ ዝተገብረለይ ኵሉ ሠናይ ከኣ ኣይርስዖን እየ። ንስኻ ንኹሉ ኣበሳይ ትኃድገለይ፥ ንኹሉ ሕማመይ ትፍውስ። ንሕይወተይ ካብ ጥፍኣት ትብጀዋ፥ ብዘለዓለማዊ ምሕረትን ርኅራኅን ትኸልለኒ። ንስኻ ንሕይወተይ ብጽቡቕ ነገር ተጽግባ፥ ኣነ ኸኣ ኸም ንስሪ ተሓዲሰ ድልዱል ኮይነ እነብር።"*** (መዝሙር 103፡ 1-5)

## <u>*መጸዋዕታ ናብ ፍቑር ኃወይ*</u>

ምናልባሽ እቲ ደጋጊሙ ዘውድቐካ ብዝኒ ኃጢኣትካ እናኣሸገረካ፥ ክንዲ ብንሥሓ ናብ ጐይታ ምምጻእ፥ ብተስፋ ቕብጸት ናብ ዝገደደ ኃጢኣት እትሰሓብ ዘሎኻ ብክርስቶስ ኃወይ፥ ሎሚ ንኣኻ ዚኸውን ቃል ብስራት ኣሎኒ። እቲ ኣነ ዝፈልጦን ምሕረቱ ዘስተማቐርክዎን ኣምላኽሲ፥ ቅድሚ ንስኻ ናብኡ ኽትምለስ ምሕሳብካ፥ ድሮ ንሱ ባዕሉ ንኣኻ ኬናዲ ኣብ ፈቐዶ ጐቦታትን ሸንጭሮታትን ሃሰስ ይብለካ ምህላዉ ክሕብረካ እፈቱ። ኣነ'ውን ከምዚ ከማኻ ጠፊአ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፥ ንኣይ ምእንቲ ኬናዲ ንኹለን እተን ጥዑያት ኣባጊዑ ኣብ በረኻ ገዲፍወን ኸይዱ ነይሩ። ኣብ ቤት ኣምላኽ ቦታ ኸይጸብብ ኢልካ ኣይትሰከፍ። እወ፥ እቲ ሕያዋይ ጓሳና ንኣይን ንኣኻን፥ ነቶም "ኣነ ጥራሕ ኢየ እቲ ጥፉእ፤ ናይ ምድኃን ተስፋ የብለይን" ወይ ድማ "ኣነ ሓደ ጥፉእ እየ፤ ኣምላኽ ግና ካልኦት ተስዓን ትሽዓተን ጥዑያት ኣባጊዕ ኣለዋኦ፤ ስለዚ ብኣይሲ ኪግደስ ኣይክእልን እዩ" ኢሎም ንዚሓስቡ እንኮ ኣባጊዓት ዚኸውን ስፍራን ዚያዳ ግና ልብን ኣለዎ እሞ፥ ከይተሰከፍካን ከይፈራሕካን ናብኡ ኣቢልካ መንገድኻ ጀምር። ከመይሲ፥ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽና ስታቲስቲክስ፣ ቍጽሪ፣ ፐርሰንተይዥ ወይ ኣኃዛዊ ጸብጻባት ወላ ሓንቲ ቁም ነገር የብሉን። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽና ድኅነት ሓደን ሚሊዮንን ፍልልይ የብሉን። ኣነን ንስኻን ዘሎና ኣምላኽሲ ንሚልዮናት እንተኾይኑ ምእንትኦም ዚመውት፥ ንሓደ እንተኮይኑ ግና ምስ ኃጢኣቱ ኪመውት ዚገድፎ ዘይኮነስ፥ ምእንቲ ሚሊዮናት ኮነ ምእንቲ ሓደ ብማዕረ ዚመውት ፍሉይን ፈቃርን ኣምላኽ እዩ።

እዚ ዅሉ ዝብሎ ዘሎኹስ ካብ መጻሕፍቲ ቀዲሐ ንኣኻ ከእምን ዝብሎ ዘሎኹ ኣይኮነን። ከመይ ኣብቲ ናተይ ዘመነ ጥፍኣት፥ ኢየሱስ ጓሳይ ነተን ኵለን ጥዑያት ኣባጊዑ ብሰንከይ ኣብ ጸግኢ ጐቦ ገዲፉ ንኣይ ኬናዲ ከም ዝመጸ ግላዊ ተመክሮይ ስለ ዝኾነ፥ ኵነታትካ ኪርድኣኒ ይኽእል እዩ። ብኈውነትን ምድንጋጽን ከዛረበካ እንተ ዘይኮይነ፥ ከሸካዕለልካ ኮነ ከፈርደካ ዝኽእሉ ኣብነት የብለይን። ኣነ'ውን ባዕለይ እቲ ጐይታኡ ኣናድዩ ዝረኸቦ ጥፉእ በጊዕ ስለ ዝኾንኩ፥ ኣብ ልዕሌኻ ኮይነ ዝዛረበሉ መሰል የብለይን። ኣነ'ውን ከማኻ ኃጢኣተይና እየ፤ ምሕረት ኣምላኸይ ስለ ዘስተማቐርክዎ ኸኣ ኣጆኻ ተስፋ ኣይትቑረጽ ክብለካ እፈቱ። ነዚ እንክብል፥ ንርእሰይ ምስተን ተስዓን ትሽዓተን ቐጺረ ኣይኮንኩን ዝዛረብ ዘሎኹ። "ኣነ ብጻይ ዘይብሉ እንኮ ጥፉእ በጊዕ እየ" ኢልካ እንክትሓስብ፥ ንኣይ ንብጻይካ ክትዝክረኒ እላበወካ። ንኣናይ ኃቢርና ናብቲ ርሕሩሕን መሓርን ጓሳና ኢየሱስ ንመለስ። መኻይዲ ብጻይ ኣባይ ከም ዘሎካ ኣይትረስዕ።

እወ፥ ኣነ እየ እታ ጥፍእቲ በጊዕ! ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን፥ ጐይታይ ግና ካብቲ ዝጠፋእክዎ ደልዩ ረኺቡንን ኣብ መንኵቡ ተሰኪሙ'ውን ናብ ቤት ኣቡኡ መሊሱኒን እዩ። እታ ሓንቲ መንኵብ ኢየሱስ ንኣይ ተሰኪማ ኣላ። እታ ካልኣይታ ድማ ንስኻ ክትድይባ ትጽበ ኣላ። ኣጆኻ ኃወይ መንኵብ ጐይታ ኣይኪጸባናን እዩ፤ ንኣይን ንኣኻን ዝኣክል ስፍራ ኣብ መንኵብን ልብን ጐይታና ኣሎና እሞ፥ ንኣናይ ናብ ጐይታ ኃቢርና ንመለስ። ናተይን ናትካን ናብ ጐይታ ምምላስ፥ ድኅነትና ዜረጋግጽ ስጉምቲ እንኪኸውን፥ ኣብ መንግሥተ ሰማይ ከኣ እዚ ዘይበሃል ዓቢይ ሓጐስ ዜስዕብ እዩ። ስለዚ ፍቁር ኃወይ ንኣናይ ናብ ኣምላኽና ንመለስ፤ ሰማይ'ውን ብሓጐስ ትፈንጫሕ!

ነዛ መልእኽቲ እዚኣ እተንብዋ ዘሎኹም ፍቱዋት ኣኅዋተየ፥ እስከ ምሳይ ኃቢርኩም ንጐይታ ወድስዎ። እወ፥ ኣብ ዘዘሎኹምዎ፥ ኮፍ ኢልኩም ኮነ ደው ኢልኩም ወይ ከኣ ደቂስኩም ዲኹም እናተጓዓዝኩም ብዘየገድስ፥ ሓንትስ ኣጻልዩኒ!

<u>**_ንጸሊ_**</u>

ኣብ ማኅበር ቅዱሳንካ ምእንቲ ኽጽንበር ብደምካ ዜጽረኻንን ዝፈወስካንን ዜድኃንካንን ጐይታይ ኢየሱስ፥ "ስለ ዝኃለፈ ዘይረብሕ ሕይወተይ መሓረኒ" ኢለ ናባኻ ምእንቲ ኽምለስ ጸጋኻ ዝሃብካንን ናይ ምምላስ ትብዓት ዝሃብካንን ንስኻ ኢኻ እሞ፥ ኣመስግነካ። ናባኻ ምስ ተመለስኩ'ውን ብምሕረትካ ሓቝፍካ ስለ ዝተቐበልካኒ ኣመስግነካ። ኣብ ኵሉ መጻኢ ሕይወተይ ድማ ንስኻ ኣባይ ኽትነብር ነዛ ሕይወተይ ብዅለንትናኣ ንኣኻ እውፍየልካ ኣሎኹ። ከምቲ ንስኻ ብፍቕረይ ዝሞትካለይ፥ ኣነ ኸኣ ምእንቲ ፍቕርኻ ኽነብር ኣኽእለኒ። ኦ ኢየሱሰይ፥ ንስኻ ኣቐዲምካ ስለ ዘፍቀርካኒ ብልበይ እፈትወካ። ደጊም ከይጠልመካ ኃይልኻ ሃበኒ። ዓለም፣ ሥጋ፣ ሰይጣን ከይስዕሩኒ ኃይሊ መንፈስ ቅዱስካ ኣዕጥቐኒ።

ኦ ኢየሱሰይ፥ ንስኻ ኣብ ሕይወተይ ንዘለዓለም ክበር፤ ንገሥ፤ ተባረኽ፤ ተቐደስ። ደጊምሲ ጐይታየ፥ ኣነ ኽንዲ ዝነብር ንስኻ ኣባይ ንበር። ምእንታኻ እምበር ምእንታይ ኸይነብርሲ ኦ ኢየሱስ ጐይታይ፥ ብፍቓደይ ኵሉ እንትናይ እህበካን ኣረክበካን ኣሎኹ።

ከምቲ ቐደም ዝነበረን፣ ሕጂ ዘሎን፣ ንዘለዓለም ዓለምን፥ ኵሉ ኽብርን ውዳሴን ኣምልኾን ስግደትን ንእግዚኣብሔር ኣብን፣ ወልድን፣ መንፈስ ቅዱስን ይኹን።

ኣሜን፤ ወኣሜን። ለይኵን፤ ለይኵን።

ኣባ ኤፍሬም ዓንዶም